# ሕጂ'ውን ክርስትና!

## ሀ. ምስጢር ክርስትና

ኣብ ዓለም ንክርስትና 'ነበረ' ክገብሩ 'ነበረ' ኮይኖም ዝተረፉ ሰባት ኮኑ ስነ-ሓሳባት ብዙሓት እዮም። ካብቶም ኣብ ዓለም ዝተጋህዱ ስነ-ሓሳባት፡ ክርስትና ፍሉይ ዘብሎ፡ ኣብ ድነ ሞት ዝዕምብብ፡ ኣብ መከራ ዝብርትዕ፡ ኣብ ምንድልሃጽ ደው ዝብል፡ ኮታ ኣብዛ ጸልማት ዓለም፡ በሪሁ ክነብር ዝክእል እምነት ምኳኑ ብምምስካሩ እዩ። እቲ ብቕዲ መንፈስ ቅዱስ፡ ኣብ ወጻኢ ኣብ ስጋ ብስጋ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዝተነድፈ ክርስትና፡ ዝኮነ ሓይሊ፡ ልዕል ዝበለ ይኩን ትሕት ዝበለ ክስዕሮ ክሳዕ ዘይክእል ክሳዕ ክንድዚ ካብ ላዕሊ ምኳኑ እናኣመስከረ ይነብር ኣሎ። እቶም ኣንጻር ክርስትና ዝተላዕሉ ኮላቶም ድማ ታሪኮም ነበረ ኮይኑ ናብ ዘይምለሱላ ቦታ ወሪዶም እዮም ከምኡ'ውን ይወርዱ ኣለዉ።

ምስጢር ክርስትና ደኣ እንታይ እዩ፧ “ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፉ እንተ ገበርናስ፡ ካብ ኲሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ኔርና” (1ቆረ 15፡19)። ክርስትና ግን ብሰማያዊ ቅዲ፡ ክንዮ እዚ ዝርአ ዘሎ ዓለም፡ ሰጊርካ ዝንበር መንፈሳዊ ናብራ እዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ እዚ ናብራ እዚ ክንነብር መሪጽና ዘሎና፡ እቲ ምስጢር ክርስትና ብምልኣት ተረዲኡናን ንነብረሉን ምህላውና ዕለት ዕለት እናረአናዮ ክንከይድ ይግብኣና።

ክርስትና ስነ-ሓሳብ ዘይኮነስ፡ ናብራ እዩ። ስለዚ ድማ እዮም ብዙሓት፡ ንክርስትና ካብ ምንባር ክፈልይዎ ፈቲኖም፡ ተፈቲኖም ዝተረፉ። ካብ ጐቦ ጸዲፍካ ዘይምስባርካ ኣብ ክንዲ ብጸጋ ኣምላክ፡ ብዕድል ክትዕቅኖ እንተ ፈቲንካ ክርስትና ንዓካ ስነ-ሓሳብ እምበር፡ ኣብ ማእከል ሞት ዝርአ ህይወት ኣይኮነካን እዩ። ዝሓለፉ ቅዱሳን፡ ክርስትና ተረዲኡዎም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ተሰዊጥዎም'ውን ስለ ዝነበረ ብዘየማትእ ንህይወት ጥዒሞምዎን ነቢሮምዎን እዮም።

## ለ. ቋንቋ ክርስትና

ሓደ ጊዜ ንጐይታን፡ ነቶም ወለዲ ናይታ ሞይታ ዝበልዋ ቆልዓን፡ ብዛዕባ ሓደ ፍጻሜ ክልተ ግብረ መልሲ ንርኢ። ንሳቶም ሞይታ ክብሉ ከለዉ፡ ጐይታ ግና ደቂሳ እያ ዘላ በሎም (ሉቃ 8፡52)። በቲ ድቃስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒስሉ ዘሎ መገዲ፡ ምልክት ዕረፍቲ እዩ። ኣብዚ ጐይታ ዕ ረፍቲ ክርኢ ከሎ፡ እቶም ሰባት ግና ሞት ይርእዩ ነይሮም። ሎሚ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ዝሞተ፡ ዝተወድአ፡ ዘብቅዐ፡ ነገራት ክርእዩ ከለዉ፡ እቲ ምስ ጐይታ ኮይኑ ክርኢ ዝተማከረ ሰብ ግና፡ ኣብ ማእከል ሞት ምሉእ ዕረፍቲ እናረኣየ ይነብር።

ሓደ ጊዜ ዘማራይ ዳዊት ብዛዕባ ደቂ እስራኤል “ቤት ያዕቆብ ካብቲ ቋንቋኡ ዘይስማዕ ህዝቢ ምስ ወጸ፡ ይሁዳ መቕደሱ፡ እስራኤል ግዝኣቱ ኮነ” ይብል (መዝ 114፡1)። ቋንቋኡ ዘይስማዕ ማለት ግን እንታይ ማለት እዩ፧ ቋንቋ ግብጺ ንህዝቢ ኣምላክ ዘይስማዕ ቋንቋ እዩ። ህዝቢ ኣምላክ ናይ እግዚኣብሄር ቋንቋ ጥራይ እናስምዐ ክነብር እዩ ተጸዊዑ። ሎሚ ግና፡ ስለ ምንታይ ቋንቋ ግብጺ ማለት ምድራዊ ዝኮነ፡ ተስፋ ዘይብሉ፡ ቋንቋ እናሰማዕና ንነብር ኣሎና፧ እቲ ዝከበደ ከኣ፡ ነቲ ቋንቋ እቲ ምልምማድና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ናይ እምነት ቋንቋ ዝዝረቦ ሕብረት ኣምላክ መጺእና ምድጋምና'ውን እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ዝተገዝረ ኣእዛን እንተ ደኣ ዘይብልና፡ ብዘሎ ዘመንና ቋንቋ ግብጺ እናሰማዕና ክንሓልፎ ግድን እዩ። ንህዝቢ ኣምላክ ግና ቋንቋ ግብጺ ዘይስማዕ ቋንቋ እዩ። ክንዮ ብኣካል፡ ብሓሳብ ኣብ ግብጺ ምህላው፡ ነቲ ጐይታ ምስታይ ዝኣበዮ መጺጽ ሓሞት ምስታይ እዩ። እዚ ብሓሳብ ኣብ ግብጺ ምህላው ድማ፡ ንቋንቋ ግብጺ ክንለማመዶ ቀንዲ

ምኽንያት ይኮነና። ንቋንቋ ግብጺ ከይንሓድግ ኢልና ኣብ እንቕርቦ ምኽንያት'ውን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል ኣይኮነን። ስለዚ እቲ ተስፋ ዝህብን፡ ዘጸናንዕን ቋንቋ ኣምላኽ እናተዛረብና'ዶ ንነብር ኣሎና ወይስ፡ ተስፋ ዘቁርጽን፡ ዝሞተ ነገር ዘውርን፡ ቋንቋ ግብጺ፧

## *ሐ. ኣብ እርጋን ምፍራይ*

ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝርኣናዮ ዛንታ፡ ንጕይታን ነቶም ሰባትን፡ ዝፈልዮም ዝነበረ፡ ሰማያውን ምድራውን ቋንቋ ይዛረቡ ስለ ዝነበሩ እዮም። እቲ ናይ እምነት ሰብ፡ ድማ ብመንፈሳዊ ኣዒንቲ ንጽባሕ ምስ ጐይታ ኮይኑ እናጠመተ ይነብር። "እግዚኣብሄር ጻድቕ ምኳኑ ምእንቲ ከውርዩስ፡ ብእርግናኦም ድማ ይፈርዩ፡ ይረውዩን ይልምዑን" (መዝ 92፡14-15)። ግናኸ ሰብ'ዶ ኣብ እርግና ይፈሪ እዩ! ኣብ ክርስትና፡ ኣብ እርግና ዝርአ ፍረ እናስተማቐርካ ኢካ ትነብር። ብናይ ዓለም ላብራቶሪ እዚ ጽውጽዋይ ክመስል ይክእል እዩ። ኣብቲ፡ እዚ ነገር እዚ ተወዲኡ፡ ኣብቂዑ፡ ኣረጊ እዩ ዝተባህለሉ፡ እግዚኣብሄር ኣብኡ ዘርኢ ንምትካል ሓይሊ ይህብ እዩ። ሰባት ነቲ ዝኣረገ ነገር እናረኣዩ መወዳእታ ክርእዮም ከሎ፡ እቶም ናይ ጐይታ ግና ጽድቂ ኣምላኽ ንዘለኣለም ምእንቲ ከውርዩ ኣብ እርግናኦም ኣጸቢቖም ይፈርዩ። <u>እምነት ልዕሊ ሕጊ ተፈጥሮ እያ</u>። "ሳራ እኳ ጊዜኣ ምስ ሓለፈ፡ ነቲ ተስፋ ዝሃባ እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየት፡ ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት" (እብ 11፡11)። እግዚኣብሄር ኣብ ጊዜኡ ዝሓለፎ ዝሞተ ማህጸን፡ ዘርኢ ክተክል ይክእል እዩ። ሳራ ነቲ ዝተዋህባ ተስፋ ስለ ዝኣመነት፡ ክንዮ ስጋኣ ኣማዕድያ እትጥምቶ ናይ እግዚኣብሄር ተስፋ ስለ ዝነበረ፡ ዘርኢ ንምትካል ሓይሊ ረኸበ። ሎሚ እዚ ኣረጊ እዩ እንብሎ ነገር እንታይ ኣሎ፧ እምብኣርከስ እምነት ክርስትና እግዚኣብሄር ካብ ዝሞተ፡ ህይወት ክዘርእ ከም ዝክእል ምእማን እዩ።

## *መ. ኣብ መከራ ሃዲእካ ምንባር*

ጳውሎስ ናይ መወዳእታ ማእሰርቱ ተኣሲሩ ናብ ሮማ ኣብ ዝጐዓዘሉ ዝነበረ ጊዜ፡ እታ መርከብ ማዕበል ስለ ዝሰበራ፡ ብዘሎ ጽዕንታ ኣራገፋ። ግናኸ መሊሳ ተሰቢራ። እቶም ገያሾ ድማ ን14 መዓልቲ ኣብቲ መዓሙቕ ባሕሪ ውዒሎምን ሓዲሮምን። ኣብኡ ድማ ህይወቶም ክሳዕ ዝቐብጹ ተፈቲኖም። ግናኸ ኣብ ውሽጢ እቲ ማዕበል እቲ ንማዕበላት ዝመልክ ጐይታ ዘምልኽ ዝነበረ ጳውሎስ ከምዚ ክብል ምድሪ ክሳብ ዝወግሕ ለመኖም፡ "…እናተጸበኹም ገለ ከይጠዓምኩም ጾምኩም ሎሚ መበል 14 መዓልትኹም እዩ እሞ እንጌራ ብልዑ" (ግብ 27፡33)። ኣብዚ እንርእዮ፡ ህይወት ኣብ ሞንጎ ሰማይን ማዕበልን ጠልጠል ኢላ ከላ፡ እንጌራ ክትበልዕ'ዶ ይርኣየካ እዩ፧ ካብኡ ናብኡ ኣብ ገዛና እንተ ኮሪና ከይተደረርና ኢና እንሓድር። እቶም ሰባት ይትረፍ'ዶ ክበልዑ፡ ህላወ ናይታ ኣብ ውሽጢ ህይወት ዘላ ትንፋስ'ውን ኣብ ሕቶ ዝነበረትሉ ጊዜ እዩ ነይሩ። ህይወት ጳውሎስ ግና ኣብ ውሽጢ እዚ ማዕበል እዚ፡ ሃዲኣ ከተህድእ እንጌራ ክትበልዕ ሚራ። <u>ጣዕሚ ናይ ህድኣት፡ ኣብ ህዱእ ቦታ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ውሽጢ ማዕበላት'ውን ብህድኣት ክትነብር ምስ እትክእል እዩ።</u> ጳውሎስ ክንዮ እቲ ማዕበል፡ ነቲ ልዕሊ ማዕበላት ኮይኑ ዝመርሖ ዝነበረ እግዚኣብሄር ይርኢ ስለ ዝነበረ፡ ነፍሱ ካብቶም ነፍሶም ኣብ ውሑስ ቦታ ዘቐመጡ ንላዕሊ፡ ኣብቲ መዝገብ ቅዱሳን ተዓቂባ ነይራ።

ሎሚ ኣብ ከባቢና፡ ንህይወትና፡ ስድራና፡ ሓዳርና ወዘተ ብዙሕ ማዕበላት የጋጥሙና እዮም። ኣብ ውሽጢ እዚ ኩነታት እዚ ህይወትና ብህድኣት ዓሪፋ ክትመላለስ እንተ ዘይክኢላ፡ ክርስትና ንዓና ስነ-ሓሳብ ጥራይ እዩ። ኣብቲ ክርስቶስ ርእሲ መኣዝኑ ዝኮነ፡ ቅዱሳን'ውን ዝተሰረትሉ ጽኑዕ መሰረት ክንነብር እንተ ሚርና ግና፡ ኣብ ውሽጢ ሞት ዝዕምብብ ህይወት ሒዝና ክንነብር ኢና። ዘማራይ ዳዊት'ውን "ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ" ኢሉ ንኣምላኽ ምድሓኑ የድንቕ ነይሩ (መዝ 23፡5)። መኣዲ ሃዲእካ ትምገቦ መግቢ እዩ። ጸላኢካ ድማ ከጥፍኣካን ክቐትለካን እዩ

ዝመጽእ። ናይ ኣምላኽ ሰባት፡ ኣብ ውሽጢ ሞት፡ ነፍሶም ብህድኣት መኣዲ ትበልዕ ነይራ። ክንደይ ዕሩፍ ህይወት የሕልፉ ከም ዝነበሩ ድማ ይርኣየካ። እቲ ምኽንያት ናብ ሕልፍ፡ እግዚኣብሄር ኣትዮም ይነብሩ ስለ ዝነበሩ እዩ። ንሕናውን ነዚ ህይወት እዚ ከነስተማቕሮ ዝተጸወዕና ህዝቢ ኢና። ክንዮ እዚ ዘሎ ፈተነ እናጠመትና ክንነብር እንተ ዘይሚርና፡ በቲ ኣብ ጸጽባሕ ዝበጽሓና ዘሎ ፈተና ተፈንጢርና ክንተርፍ ኢና። ሓደ ጸሓፊ ከምዚ ይብል "ልዕሊ ጸሓይ ክትነብር እንተ ዘይ-ሚርካ፡ እዛ ከንቱ ዓለም ከንቱ ክትገብረካ እያ። ምኽንያቱ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዘሎ ኵሉ ከንቱ እዩ።" እቲ ምስ ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ተሰዊሩ ከም ዘሎ ዘስተውዕል ሰብ፡ በዚ ምድራዊ ነገር ኣይዘናጋዕን እዩ። <u>ስለዚ ነፍስና ከተዕርፍ፡ ናይ ግድን ኣብ ዕሩፍ ቦታ ክትነብር ኣየድልያን እዩ። እቲ ምንጪ ዕረፍቲ ዝኾነ ጐይታ ኣብ ውሽጥኻ እንተ ኣሎካ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ቅዱሳን ብዕረፍቲ ኢካ እትነብር።</u>

## ረ. <u>ኣብ ሞት ህይወት ምጥማት</u>

ሓደ እዋን ደቂ እስራኤል ካብ ፈርኦን ናብታ ናይ ተስፋ ሃገር ምስ ተበገሱ፡ ፈርኦን ብኣዝዮም ሕሩያት ፈረሰ ታት ገይሩ ክርክቦምን ክማርኮምን ተበገሰ። ደቂ እስራኤል ምስ ረኣይዎም ኣዝዮም ተሸበሩ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሴ'ውን ኣጕረምረሙ። ሙሴ ግና ከምዚ በሎም "ኣይትፍርሁ ደው በሉ፡ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ሎሚ ዝገብረልኩም ርኣዩ። እዞም ሎሚ ትርእይዎም ዘሎኹም ግብጻውያን፡ ደጊም  መሊስኩም ንዘለኣለም ኣይትርእይዎምን ኢኹም" (ዘጸ 14፡13)። ደቂ እስራኤል ናይ ገዛእ ርእሶም ጥፍኣት ክርእዩ ከለዉ፡ ሙሴ ግና ናይ ግብጻውያን ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት ይርኢ ነይሩ። <u>ሙሴ "ንዘለኣለም ኣይትርእዩዎምን ኢኹም" ክብል ከሎ፡ ክንዮ እቶም ሰራዊት፡ ኣብ ደመናታት ተቐሚጡ ዝመርሕ ዝነበረ እግዚኣብሄር ይርኢ ስለ ዝነበረ እዩ</u>። ምናልባት ነቲ ብስጋ ዝርኢ ዘሎ ሰብ፡ ዘረባ ሙሴ ዕሽነት ክመስሎ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ግብጻውያን እናጋለቡ ክመጹ ከለው ይርኢ ስለ ዘሎ! እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና ነቲ ዝርአ ዘይኮነስ፡ ነቲ ዘይርአ ይርኢ ስለ ዝነበረ፡ ህላውነት ግብጻውያን ዘይኮነስ፡ ፍጹም ጥፍኣቶም ይርኢ ነይሩ።

ሎሚ ብዛዕባ እቲ እናጋለበ ዝመጸና ዘሎ ፈተናታት፡ ሕቶታት፡ ሽግራት ወዘተ እንታይ ንብል፧ <u>በተን ሙሴ ዝጥምተለን ዝነበረ ኣዒንቲ እንተ ደኣ ክንጥምት ዘይክኢልና፡ ኣብ እምነት ሙሴ ክንህሉ ኣይንክእልን ኢና</u>። ደቂ እስራኤል ነፍሶም ኣብ በረካ ክትመውት ከላ ይርእዩ፡ ሙሴ ግና ብኣንጻሩ፡ ሞት ግብጻውያን ይርኢ ነይሩ። ኣብ ሓንቲ ፍጻሜ ክልተ ኣጠማምታ! ንሕና'ውን በየናይ ዓይነት ኣጠማምታ ንነብር ከም ዘሎና ኣጸቢቕና ክንሓስብ ይግብኣና። እንተ ዘይኮይኑ ክርስትና በቲ ናይ ሓቂ ጣዕሙ ከየስተማቐርናዮ ክንነብር ኢና። ዘማራይ ዳዊት "ብማእከል መከራ እኳ እንተ ከድኩ፡ ንስካ ህያው ትገብረኒ" እናበለ ይእመን (መዝ 138፡7)። ንምዃኑ ሰብ ካብ ማእከል ዓሚቝ ፈተና እንታይ ይጽበ፧ መከራ የማስነካ፡ የሕስረካ፡ የዋርደካ ወዘተ። እቶም ዝሓለፉ ናይ እምነት ኣቦታት ግና ብማእከል መከራ እኳ እንተ ሓለፉ፡ ኣምላኾም ኣብ መከራ ዘብቍሎ ሓይሊ ህይወት ስለ ዘሎ፡ ህያዋን ኰይኖም ይወጹ ነይሮም። መከራ፡ ቦታ ናይቲ ህያው ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክሳዕ ዘይተንከፈ፡ ንምኵላዕና ምኽንያት እዩ። ቅዱሳን ኣብ ውሽጢ መከራ፡ ልዕሊ መከራ ጸብለል ዝበለ ጐይታ የምልኹ ስለ ዝነበሩ፡ እናሰዓሩ ይሓልፉ ነይሮም። እታ ጥፍኣቶም ትጽበ ዝነበረት ዓለም'ውን ፈጺሙ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ ዝተወልዱ ምዃኖም ተረዲኣ እያ (1ጴጥ 1፡23)። ንሕና'ውን ከም እዞም ዝሓለፉ ቅዱሳን ብማእከል ዝተመሳቐለ ህይወት እኳ እንተ ሓለፍና፡ ዓብዪ ክብሪ የዳልወና እዩ እሞ ምእማንና ነጽንዕ። ውሽጥና በቲ ህያው ኣምላኽ እንተ ተመሊኡ ድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ ሞት ብህያውነት ዝመላለስ ህይወት ሒዝና ክንነብር ኢና።

ታሪኽ ማርዶካይ እንተ ርኣና'ውን፡ በታ ሃማን ንማርዶካይ ካብ ገጽ ምድሪ ንምጥፋእ፡ መስቀሊ ጉንዲ ዝተኸለላ ምሸት፡ እግዚኣብሄር ንንጉስ ኣሓሽዌሮስ ቀስቂሱ፡ ብዛዕባ ባርያኡ ማርዶካይ ከም ዝሓስብ ገይርዎ (ኣስ 6፡1-14)። እታ ሃማን ንማርዶካይ ንምጥፋእ ዝመደበላ ለይትን፡ እታ ኣምላኽ

ንማርዶካይ ንምድሓን ንንጉስ ዝቀስቀሰላ ለይትን ሓደ እየን። እቲ ሕቶ ንጽብሒቱ መን ቀዲሙ ይዛረብ፡ ሃማን'ዶ ወይስ እቲ ንጉስ እዩ ። በዚ ድማ ህይወት ማርዶካይ ኣብ ሞንጎ ሞትን ክብረትን ጠልጠል ኢላ ነይራ። ግናከ እቲ ብምህዳኡ ዝቕድሞ ዘይብሉ ኣምላክ ንሃማን ቀዲሙዎ። ስለዚ ድማ እዩ እቲ ዘረባ ብንጉስ “ንጉስ ከክብሮ ንዝደለየ እንታይ ይግበረሉ” ኢሉ ዝመረ። ሃማን ሞት ናይ ማርዶካይ ክርኢ ከሎ፥ እግዚኣብሄር ግና ክብረት ናይ ማርዶካይ ይርኢ ነይሩ። ብዙሕ ጊዜ በቲ ሃማን፥ ህይወትና ንምጥፋእ ዝመከረላ ምኽሪ ንህይወትና ስለ እንርእያ፥ ብእኡ እናተሸበርና ንዘመንና ንሓልፎ ኢና።  ሃማን ዘዳለዎ ብዙሕ ናይ ሞት መፈንጠራ እኳ እንተሎ፥ ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ክብረት እናረኣና ናይ መከራ ጊዜና ክንሓልፎ ይግብኣና።

እቲ መፈጸምታን ተስፋን ዘለዎ ሓሳብ ኣምላክ ሰኣን ምሕሳብና ህይወትና ኣብ ብዙሕ መንፈሳዊ ዕርቃን ኣትያ ንረክባ ኢና። ብሓቂ እግዚኣብሄር ናብ በረካ (ጽምዋ) ኣውጺኡ ኣይድርብየካን እዩ። ኪንዮ በረካ ብዙላ ናይ ተስፋ ሃገር ገይሩ ንዕርቃንካ ይከድን እዩ። ስለዚ ነቲ ስግር ዘሎ ነገር እናረኣና፥ ንናይ ሎሚ ፈተና ንሕለፎ።

ሓደ ሓደ ጊዜ ኣብ ውሽጢ እቲ መከራ ክንድርበ ንክእል ኢና። ብናይ ሰባት መደምደምታ ድማ ታሪክና ዘብቅዐ ክመስል ይክእል እዩ። ግናከ እግዚኣብሄር፥ ኣምላክ ሲድራኽ፥ ሚሳኽ፥ ዓብድ-ኔጎ ኣምላክና እዩ። “እዞም ሰለስተ ሰባት እዚኦም፥ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ብእሱራቶም ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ወደቑ። ሽዑ እቲ ንጉስ ናቡከድናጾር ሰምበደ፥ ተቐላጢፉ'ውን ተንስአ፥ ነማከርቱ ድማ፥ እቶም ኣሲርና ናብ ሓዊ ዝደርበናዮምሲ ሰለስተ ሰባት'ዶ ኣይኮኑን፡… እንሆ፥ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት፥ ገለ እኳ ከይተጕድኡ፥ ኣብ ማእከል ሓዊ ክመላለሱ እርኢ ኣለኹ፥ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፥ ኢሉ'ውን መለሰ” (ዳን 3፡23-25)።

ካብ ማእከል ሓዊ'ዶ ገለ ህያው ነገር ንጽበ ኢና፡ እቶም ዝሓለፉ ቅዱሳን ግና፥ ብማእከል ሓዊ'ኳ እንተ ሓለፉ፥ ህይወቶም፥ ነቲ ዝረከቦም ክርስቶስ እናረከበት ልዕሊ ኵነታት ትመላለስ ነይራ። ምናልባት እቲ ንጉስ ስጋኦም ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣዕጽምቶም'ውን ፈጺሙ ክመክክ ይጽበ ነይሩ ይኸውን። ግናከ ኣምላክና ኣብ ውሽጢ ሓዊ ኮይኑውን ዝመርሕ ኣምላክ እዩ። እቶም ጸላእቶም ሞቶም ይርእዩ ነይሮም፥ እቶም ናይ ኣምላክ ሰባት ግና ንክርስቶስ እናረኣዩ ይሰግርዎ ነይሮም። ክርስትና ብሓቂ ልዕሊ ኵነታት ክትመላለስ ከም ዝከኣል ዘመስከረ እምነት እዩ። “ኣብ ማእከል ሓዊ ክመላለሱ እርኢ ኣለኹ” ዝብል ሓረግ ኣገዳሲ እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላክ ኣብ ጥዑም እዋን ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣብ ማእከል ሓዊ ኴንካ'ውን ዝግልገል ኣምላክ እዩ።

ዋዒ ሓዊ ሞክ ዘየብሎ ነገር ዳርጋ የለን። እቲ ምስ ክርስቶስ ክነብር ዝመደበ ሰብ ግና ልዕሊ እዚ ቅልውላው እዚ ይነብር። በቲ ዝገጥመና ዘሎ ዋዒ ሓዊ ከይተሰናበድና ብእምነት ጸኒዕና ንቑም። እግዚኣብሄር፥ ኣብ ሓዊ ምስ ኣተና ዝድርቢ ኣምላክ ዘይኮነስ፥ ኣብኡ ምሳካ ኮይኑ ሽግርካ ዝፈትሕን ዝርዳእን ዝመርሕን ኣምላክ እዩ። “ንሱ ባዕሉ ክፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ፥ ነቶም ዝፍተኑ ክረድኦም ይከኣሎ እዩ” (እብ 2፡18)።

ኣብቲ ጐይታ ሓጢኣት ብዘላ ዓለም ወሲዱ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ዝነበረሉ እዋን'ውን፥ እቶም ህዝቢ ኵላቶም ስቐሎ፥ ስቐሎ ኢሎም ሞት ናይ ጐይታ ክርእዩ ከለዉ፥ እቲ ኣብ የማን ጐይታ ዝነበረ ከታሪ ግና ብመንግስትካ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ ኢሉዎ። ልዕሊ ኵላቶም ቀሪቡ፥ ናይ ክርስቶስ ስቓይን ሞትን ዝርኢ ዝነበረ ንሱ እዩ። ግናከ ሞት ዘይኮነስ ናይ ክርስቶስ ብመንግስቱ ምምጻእ ይርኢ ነይሩ። ስለዚ ድማ እዩ ክርስቶስ ክዝክሮ ዝለመኖ።

ኣብ ከባቢና፥ ብዙሓት ንክርስትና ተስፋ ከም ዘይብሉ ገይሮም ዝርእዩሉ ዘለዉ ዘመን፥ ብዛዕባ ጐይታን ናይ ዘለኣለም ተስፋናን እንታይ ይስምዓና፡ ሰባት ዝተወድኣ፥ ዘመኑ ዝሓለፈ፥ ዝቐምሰለ

ነገር ክርእዩ ከለዉ፥ እቶም ናይ ኣምላክ ሰባት ግና ኣብ ዝሞተ ነገር፥ ብክብሪ እትመጽእ መንግስቲ ክርስቶስ እናረኣዩ ይነብሩ። እቲ ኣብ የማን ጐይታ ዝነበረ፥ ኪንዮ እቲ ዝርእዮ ዝነበረ ስቓይ፥ በቲ ጐይታ ዝጥምተሉ ኣዒንቲ ይርኢ ስለ ዝነበረ፥ ኣማዕድዩ ክርስቶስ ዝንጉሳ መንግስቲ ርእዩ። ክርስትና ብዝሒ ደገፍቲ ዝዝውሮ እምነት ዘይኮነስ፥ ኣብቲ ክርስቶስ ዝገደፎ ኣሰር እናረገጽካ እትነብሮ ናብራ እዩ። ስለዚ ሰባት እኺ ዝተወድአ፥ ዝሞተን ዝጠፍአን ነገር ይርእዩ እንተለዉ፥ ንሕና ግና ነቲ ኣብ ውሽጢ ሞት ዝጠጥዐ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክንርኢ የድልየና።

ሓደ ሓደ ጊዜ፥ ማርታ መጺኣ፥ ኣልኣዛር ሞይቱ እዩ ፈጺሙ ጨንዩ እዩ ክትብል ትክእል እያ። ኢየሱስ ግና "እንተ ትኣምንስ ክብሪ ኣምላክ ምረአኺ ነይርኪ" እዩ ዝበል። ንክርስቶስ ኣብ ውሽጢ ሞት ዝርአ ክብሪ-ኣምላክ ኣለዎ። እቶም ብናይ ማርታ ሓሳባት ዝከዱ፥ ኣብ ውሽጢ ሞት፥ ምዉት ነገር ክርእዩ ከለዉ፥ እቶም ብናይ ክርስቶስ ሓሳባት ዝከዱ ግና ኣብ ውሽጢ ሞት ዝርአ ህያውነትን ክብርን ይርእዩ።

ክቡር ኣንባቢ፥ ብዛዕባ እቲ ኣብ ጸጽባሕ ዝገጥመካ ዘሎ ግድላት እንታይ ትብል፡ ከም ካሌብን፥ ኢያሱን'ዶ ኣጸቢ`ቕና ንክእላ ኢና፥ ንኪድ ንውረሳ ትብል፡ ወይስ ከምቶም ካልኦት፥ ብስጋዊ ግዝፊ ደቂ ዓና`ቅ ትሽበርን ትሓዝንን ኣሎካ፡ ደቂ ዓና`ቅ፥ እንተደኣ ብኣዒንትካ ርኢካዮም፥ ኣብ ቅድሚኦም ከም ኣንበጣ ኢካ። እንተ ደኣ ብኣዒንቲ እግዚኣብሄር ርኢካዮም ግና፥ ንሳቶም ኣብ ቅድሜካ ከም ኣንበጣ እዮም።

## *ሰ. ኣብ ጸልማት ብርሃን ምጥማት*

ብዙሕ ጊዜ፥ ናይ በረካ ወይ ናይ ጸልማት ጊዜ ነሕልፍ ንከውን። ግናከ ምልስ ኢልና፥ እግዚኣብሄር ኣብ በረካ ዝገበሮ መሪሕነት ክንርኢ እንተ ሚርና፥ ንናይ ጸልማት ጊዜና ክንሰግረሉ እንክእል ዓብዪ እምነት ንረክብ ኢና። እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል፥ ቀትሪ ብዓንዲ ደበና፥ ለይቲ ከኣ ብዓንዲ ሓዊ ይመርሖም ነይሩ። ብፍላይ ነታ ናይ ለይቲ ምስ እንርኢ፥ ለይቲ ናይ ጸልማት ጊዜ እዩ። እቲ ዓንዲ ሓዊ ድማ መመርታ ከብርሃሎም፥ ድሕሪኡ ይመርሖም፥ ከምኡ'ውን ኣብቲ ቁሪ ለይቲ የማሙቖም ነይሩ።

ብስጋ ዝርኢ ዘሎ ሰብ፥ ዋላ'ኳ ደቂ እስራኤል ናይ ጸልማት ጉዕዞ ተጓዒዞም እዮም እንተ በለ፥ ብሓቂ ግና ደቂ እስራኤል ንጸልማት ከም ብመዓልቲ ብብርሃን እዮም ሓሊፎሞ። ብምክንያት እቲ ዓንዲ ሓዊ፥ ዘመኖም ናይ ጸልማት ጊዜ ከይረኣዩ ሓሊፎም። እቲ ንደቂ እስራኤል ዝመርሐ ኣምላክ፥ ኣምላክና እዩ።

ኣብ ዙርያና ዘለዉ ሰባት ጸልማት (ለይቲ) እዩ ዘሎ፥ ኣብዚ ጽቡ`ቕ የለን ይብሉና ይኮኑ፥ ግናከ እቲ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት እግዚኣብሄር ዘሎ ሰብ፥ ንለይቱ ብዓንዲ ሓዊ እናተመርሐ ብብርሃን፥ ብምስጋና፥ ብእምነት ይሓልፎ። "ን`ቕኑዓት ነቲ መሓርን ርሕሩሕን ጻድ`ቕን ኣብ ጸልማት ብርሃን ይወጸሎም" (መዝ 112፥4)። ስለዚ ኣብ ጉዕዞና፥ ሓንትስ ልብና `ቕኑዕ ምኳኑ ንርአ እምበር ኣብ ውሽጢ ጸልማት ብዝርአ ብርሃን በሪህና ክንመላለስ ኢና።

ነህምያ ብዛዕባ ህዝቢ ኣምላክ ከዘንቱ ከሎ'ውን "... ኣብ በረካ'ውን ገለ ከየጉደልካ ኣርብዓ ዓመት መገብካዮም፥ ክዳውንቶም ኣይኣረገን፥ ኣእጋሮም ድማ ኣይሓበጠን" ይብል (ነህ 9፥21)። ኣርብዓ ዓመት ዘይኣርግ ክዳን ኣሎ ድዩ፡ እቲ ምስጢር ካብ ሰማይ ዝወረደ ክዳውንቲ ስለ ዝነበረ ዘይኮነስ፥ እተን ኣብ ልዕሊ እቲ ክዳውንቲ ተቐሚጠን ዝባርካ ዝነበራ ኣእዳው፥ ሰማያውያን ስለ ዝነበራ እየን። ስለዚ ንዓመታት ከይትዓር`ቕ ብዙሕ ክዳውንቲ የድልየካ ማለት ኣይኮነን፥ ክትዓግብ'ውን፥ ኣብ ኢድካ ብዙሕ ነገር ክመልኣልካ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።

ዘመንና ምስ እግዚኣብሄር ኼንና ክንሓልፎ እንተ መሪጽና፡ በተን ዘለዋና ሒደት፡ ናይ በረከት ህይወት ክነሕልፍ ኢና። እግዚኣብሄር ብምብዛሕ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዘይምጉዳል'ውን ከም ዝባርኽ ክርድኣና ኣለዎ። እቶም፡ ናይ መወዳእታ ሓንቲ ጥራይ ተሪፉ፡ ኢልና ንመጻኢ ብርሃን ዘይረኣየና ዘሎ፡ ቃል ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ ሒደት፡ በረከት ከም ዘሎ ህያው ምስክር እዩ።

ናይ ኤልያስ ዛንታ ምስ እንዝክር፡ እታ መበለት ሰበይቲ ሓንቲ ሽልገት ሓርጭን፡ ሒደት መቐርሰሚቶ ዘይትን ጥራይ እየን ነይረናኣ። ብእኣን ድማ ንዓኣን ንወዳን ሓንሳእ በሊዓ ክትመውት ተዳልያ ነይራ። ግናከ ኣምላኽ ኤልያስ ህያው እዩ። ኪንዮ ኣብ ትሕቲ ኤልያስ፡ ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሄር ስለ ዝወፈየተን፡ ነተን ናይ ጥሜት ዓመታት ሕሩጭ ኮነ ዘይቲ ገለ ከይጐደላ ሓሊፋቶ። ስለዚ ክርስትና ኣብ ጸልማት ብብርሃን፡ ኣብ ሞት ብህያውነት፡ ኣብ ሒደት ብበረከት እትነብሮ ናብራ እዩ። ንሕና'ውን ናብዚ ናብራ እዚ እናኣተና ንመጽእ ምህላውና ከነስተብህል የድልየና እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣምላኽ ብብዙሕ መገዲ ንህይወትና ሓንሳእን፡ ክልተ ሳዕን ስለ ዝዛረብ፡ ነቲ ዝተባህለልና ነቐልበሉ። ህዝቢ እስራኤል እንተ ዝሰምዕዎ ነይሮም ዝኣተወሎም ተስፋ ምስ እንርእዮ "... ስብሒ ስርናይ መብላዕኩካ፡ ካብ ከውሒ መዓር መጽገብኩካ ነይረ" ይብል (መዝ 81፡16)። ካብ ከውሒ'ዶ መዓር ይወጽእ እዩ፧ ይትረፍ መዓር፡ ማይ'ውን ክትረክብ ኣሸጋሪ እዩ። ክርስትና ግና ኪንዮ እዚ ምድራዊ መዓር፡ ነቲ ንነፍሲ፡ ሓጐስን ባህታን ዝኮነ መንፈሳዊ መዓር፡ ማለት ቃል እግዚኣብሄር እናተመገብካ ኢካ ትነብሮ። እቲ ከውሒ ከኣ ክርስቶስ እዩ። ክርስቶስ፡ ኣብቲ ዋላ ሓደ ሰናይ ክወጽእ ኣይክእልን እዩ ዝተባህሎ፡ ሰናይካ ይኮነልካ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ "ናይ ዘለኣለም ህይወት ክወርስ እንታይ እግበር" ኢሉ ናብ ጐይታ ምስ መጸ፡ ጐይታ "ዘሎካ ኵሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ እሞ ስዓበኒ" ኢልዎ (ሉቃ 16፡22)። ጐይታ ከምዚ ምባሉ እቲ ሃብታም ሰብኣይ፡ ገንዘብ፡ ቤት ወዘተ ኣየድልዮን ማለቱ ድዩ፧ የድልዮ እምበር! ግናከ ቤት እንተ ደልዩ ጐይታ ቤት ይኮነሉ፡ እንጌራ እንተ ደልዩ ጐይታ እንጌራ ይኮነሉ፡ ገንዘብ እንተ ደልዩ ጐይታ ገንዘብ ይኮነሉ፡ ኮታ ጐይታ ኵሉ ይኮነሉ። ነዚ ድማ እዩ ጐይታ ከይተሰከፈ ኵሉ ሼጥካ ስዓበኒ ዝበሎ።

ስለዚ ከም ኣሳፍ "ኣብ ሰማይ ብካካ መን ኣሎኒ፡ ንኣካ ካብ ረኸብኩስ ኣብ ምድሪ ዝደልዮ የብለይን" (መዝ 73) ኢልና ናይ ናብራና መመርታን መወዳእታን ክርስቶስ ንግበሮ።

ኣብ መደምደታ፡ ኦም በለስ እንተ ዘይዓምበበ፡ ኣብ ኣታክልቲ ወይኒ ከኣ እንተ ዘይሃለወ፡ ፍረ ኣውሊዕ እንተ ጠለመ፡ ግርሁ ምግቢ እንተ ዘይሃበ፡ ኣሓውን ካብ ደምቤታት እንተ ተሳእና ንሕና ግና ብእግዚኣብሄር ባህ ክንብል ኢና እሞ፡ ሕጂውን ክርስትና ደኣ!!

ጐይታ ይባርኽኩም።